# ንፈልሲ ናይ ሓድነትና ምክንኻን ናይ ኵልና ሓላፍነት ኢዩ

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
15.12.2009

ዝኾነ ፖለቲካዊ ዕማም ወይ መደብ ዕዮ ክዕወት እንተደኣኰይኑ፡ ክማልኡ ዝግብኦም ክልተ ኣገደስቲ ረቛሕቲ ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡ ቅኑዕ ንባብ ንህልዊ ኵነታትን ብቑዕ ኣመራርሓን ኢዮም። ተመኵሮ መስርሕ ምጽንባራዊ ሓድነት ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ድማ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።

ህዝብና፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ጭቆናታትን ኣድልዎን ምፍልልያን መሪርዎ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ብብዝሒ ኣብ ዝስደደሉን፣ ብደረት ዘይብሉ ናይ ባርነት መነባብሮ ኣብ ዝግረፈሉን፣ ንዘይተኣደነ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝቃልዓሉን ብሓደ ሸነኽ፣ ደምበ ተቓውሞ ከኣ፡ ብምፍንጫላትን ምንጽጻግን ኣብ ዝሳቐየሉን እዋን በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ሕቶ ሓድነት ማእከላዊ ዕላማ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ውዓል ሕደር ዘየደልዮ ህጹጽ ጕዳይ ክኸውን ናይ ግድን ኢዩ። ናይ'ዚ ኣብ መስርሕ ምጽንባር ዝርከብ ዘሎ 4 ውድባት መሪሕነታት ሓያል ድሌት ንሓድነት እምበኣር፡ ካብ'ዚ ንባብ'ዚ ወይ ካብ'ዚ ተገንዝቦ'ዚ ኢዩ ዝነቅል።

እንተኾነ ግን፡ "እናጐየኻ ዝኣሰርካዮ፡ እናጐየኻ ይፍታሕ" ከይከውን ነገሩ፡ ናይ ኣመራርሓ ውሕልነትን ብቕዓትን ከነጥርን፣ ንሕሉፍ ጌጋታትና ፍሹል ናይ ሓድነትና ተመኵሮታትናን ከይንደግም ምጥንቃቕን ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ኰይኑ ረኺብናዮ። ስለዝኾነ ድማ፡ ዋላ'ኳ ሕቶ ሓድነት ህጹጽ ጕዳይ  እንተኾነ፡ ንኹሉ ከጋጥም ዝኽእል ዕንቅፋታት ገላቢጥካ ምርኣይ፡ ግዜ ዝሓትት ጕዳይ ስለዝኾነ፡ ተብተብ ከይበልና፡ ግን ከኣ፡ እምብዛ ከይተዛነና፡ ክንስጕም ዓቢ ኣገዳስነት ነይርዎ። ስለ'ዚ፡ ህዱእ፡ ምጽውዋር ዝነገሶ፡ ናይ እንካን ሃባን ልዝብ ምክያድን፣ ንተሳትፎ መሰረታትና ኣብ ምቕራጽ ውሳኔታት ምርግጋጽን እቲ ቅኑዕ መእተዊ ንዘላቒ ሓድነት ምዃኑ ስለዝዓገብና ኢና በዚ ዝኸድናዮ ፍጥነት ክንጓዓዝ ዝመረጽና። ምናልባት፡ ንገሊኡ እቲ ጕዕዞ ነዊሕ ዝወሰደ ኰይኑ ክስምዖ ይኽእል ይኸውን፡ ገለገሊኡ ከኣ፡ ቀልጢፉ ዝብል ኣይሰኣንን።

ኣብ ህልዊ ኵነታት ህዝብናን ደምበ ተቓውሞን ሓባራዊ ተረድኦን ገምጋምን ድሕሪ ምጥራይ፡ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ክጸናበሩ፣ ዝተፈላለየ ራእይ ዘለዎም ግን ከኣ፡ ኣብ ውድቀት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓባራዊ ረብሓ ዘለዎም ተቓወምቲ ውድባት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ክጠራነፉ ዝብል ሓያል እምነት ኣሕደርና። ነዚ ስትራተጂ'ዚ ክውን ንምግባር ድማ፡ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታትናን ቅዋማትናን ከነጽንዕን፣ ናይ ሓድነትን ፍልልይን ነጥብታቱ ከነነጽርን ጀመርና። ከም ውጽኢቱ እቶም ዘራኽቡናን ዘሰማምዑናን ነጥብታት ካብ'ቶም ዝፈላልዩና ዝበዝሑ ምዃኖም ተረዳእና። እቶም ዝፈላልዩና ነጥብታት ውን እንተኾኑ፡ ገሊኦም ካብ ሕሉፍ ታሪኻዊ ተመኵሮና ዝመንጨዉ ምስ ህልዊ ኵነታትና ዝምድና ዘይብሎም፡ ገሊኦም ናይ ግንዛበ (perceptions) ጸገማት፡ ገሊኦም ድማ፡ ናትና ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ናይ ህዝብና ተሳትፎን ድምጽን ዘድልዮም ጕዳያት ምዃኖም ኣብ ሓባራዊ ዕግበት በጺሕና።

ምስጢር ናይ ዓወትና እምበኣር፡ እሱራት ናይ ታሪኽ ካብ ምዃን ሓራ ምውጻእ፣ ካብ ናይ ምዕብላል ድሌትን ከይውሓጥ ዝብል ስግኣታትን ምግልጋል፣ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝወርድ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝኸይድ ግሉጽ ናይ ኣሰራርሓ ስልቲ ምኽታልን ህዝቢ ምንጪ ናይ ስልጣን ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብን ኢዩ።

በዚ ነቲ ክስገር ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ፍልልያት ሰጊርና፡ ሓደ ኣካልን ሓደ ሰልፍን ንምዃን ኣብ ድርኸ'ኹት በጺሕና ኣሎና። ህዝብና፡ ነዚ ታሪኻዊ ተረኽቦ'ዚ፡ ብክብ ዝበለ ተስፋን ሃንቀውታን ይጽበዮ ምህላዉ ንምድህሳስ ውን ኣጸጋሚ ኰይኑ ኣይስምዓናን። እዚ ፈልሲ'ዚ፡ ናይ ህዝብና ንብረት ስለዝኾነ፡ ኵላትና ክንከናኸኖን ክንኵስኵሶን ሓላፍነትና ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብፍላይ ከኣ፡ እቲ ተረካቢ ሕድሪ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ፡ እቲ መጻኢ ናቱ ስለዝኾነ፡ ነዚ ንብረት ህዝብና ዝኾነ ፈልሲ ዝያዳ ኵልና ክሓልየሉን ክሕብሕቦን ክከላኸለሉን ከምዝግባእ ክዝንግዕ የብሉን። ነዚ ምዝንጋዕ ብመጻኢ ዕድልካን መጻኢ ዕድል ድሕሬኻ ዝስዕቡ ወለዶታትን ምጽዋት'ዩ ዝቕጽር።

50 ለሚን ንሓደ ሰብ ጾሩ ን50 ሰብ ድማ ጨንኡ ስለዝኾነ፡ ተደጋጊፍና ኢደይ ኢድካ ኢልና፡ ንስቅያት ናይ ህዝብና ንምሕጻር ተጊህና ንቃለስ።